# ሪፖርታች ኣኺባ ኖርዝ ኢስት ኦፍ ኢንግላንድ

ብዕለት 26-11-2006 ኣብ ከተማ ኒውካስትል “ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ንቃለስ” ብዝብል ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዕውት ህዝባዊ ኣኺባ ተኻይዱ። እዚ ኣኺባ ኣቶ ኣሰፋው በርሀ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሰውራዊ ባይቶን ሓላፊ ስርርዕን ውድባዊ ጉዳያትን ዘካየዶ ኮይኑ ካብ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ድማ ሓላፊ ጨንፈር ኣቶ ጎይቶም መብራህቱ ዝተረኸብሉ ኒሩ።




እቲ ዝተጋብኣ ኣኺባ ኣስታት 60 ተሳተፍቲ ካብ ሳንደርላንድ፡ ስቶክቶን፡ ሚድስብራውን ኒውካስትልን ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ኒሩ። ኣብዚ ኣኺባ ዝተሳተፉ ተሳተፍቲ ምብዛሕትኦም ኣብዚ እዋን ካብ ሃገሮም ብሰንኪ እቲ ስርዓት ኣስካሕካሒ ግፍዕታት ዝተፈጸሞምን ነቲ ስርዓት ራሕሪሖም ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን እዮም።

ኣብዚ ኣኺባ ኣቶ ኣሰፋው በርሀ ነተሳተፍቲ እቲ ኣኺባ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂቡ። ኣቶ ኣሰፋው ኣብ መግለጺኡ ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ. ከም መትከል ካብ ዝኸተሎም ዕላማታት ሓደ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡሉ ቦታታት ኩሉ ብምርካብ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ብምቅላዕ ህዝቢ መሰሉ ንከኸብር ናይ ሓባር ናይ ዘተ ምኣዲ ብምፍጣር ነቲ ብምልካዊ ስርዓት ዝርገጽ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ሓራ ኣውጺኻ ህዝቢ ዋና ሃገሩን ምምሕዳሩን ዝኸነላ ኤርትራ ንምፍጣር ምኻኑ ኣብሪሁ።




ገዛእቲ መንግስቲ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ኢትዮጵያን ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ማሕበራዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሂወቱ ዘውረድዎ ጉድኣት ብሰፊሕ ገሊጹ። እዞም ገዛእቲ ሓይልታት ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ከይምዕብል ካብ ናይ ትምህርትን ፍልጠትን ምኣዲ አርሒቖም ይግዝእዎ ከምዝነበሩ ሓቢሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቲ ህዝቢ እንድሕር ተማሂሩ መሰሉ ክሓትትን ወናኒ ሃገሩ ንክኸውን ሕቶ ከየልዕልን ዝዓለመ ምንባሩ ገሊጹ።

እንተኸነ ድሕሪ ነዊሕ ደማዊ ቃልሲ ንናጽነት ሃገርና ነጻነታ ምስ ረኸበት እቲ ብዘይ ናይ ህዝቢ ምርጫ አብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ነቲ ኩነታት ካብ አብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበረ ብዝኸፍኣ መልክዑ ህዝብና አብ ጉዳይ ሃገሩን ምምሕዳሩን ክይዋሳእ አግሊልዎን ብዓፈናን ብጥሚትን ብሰደትን ማእሰርትን አብ ዝኸፍኣ ደረጃ ምህላው አብሪሁ። ህግደፍ አብ መንእሰያት ኤርትራ ዘብጽሖ ዘሎ ግፍዕታት ክገልጽ ከሎ ድማ መንእሰይ ተካኢ ወለዱ ሃገር ከም ምኻኑ መጠን አብ ክንዲ ናብ ቤት ትምህርቲ ናብ መዓስከራትን ግዱድ ኩናትን ማእቶትን ማእሰርትን እናተወሰደ ትምህርቲ ከይመሃርን ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩ ከይሓትት ብዝጋጥሞ ዘሎ ልዑል ጸገማትን ማእሰርትን ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ገዲፉ ናብ ዘይፈልጦ ቦታታት ንሰደትን ሞትን ተቓሊዑ ከምዝርከብ ገሊጹ።



ኣብ መወዳእታ ድማ ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ ነቲ መሰል ህዝብና ዓፊኑ ዘሎ ስርዓት ኣልጊስካ ኣብ ኤርትራ መሰል ዜጋታት ዝተኸብረላን ማዕርነት ዜጋታት ዝረጋገጸላን ልዕሊ ኩሉ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ወናኒ ሃገሩን ባዕሉ ብዝሓገጎም ሕጊ ዝመሓደር ክኸውንን ዝቃለስ ምኻኑ ገሊጹ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ መንእሰይ ኤርትራ ኣብቲ ቃልሲ ክዋሳእን ኣብቲ ንዕኡ ቁኑዕ ኮይኑ ዝተሰምዖ ድማ ብምውዳብ ኣበርክትኡ ክዕዝዝ ጸዊዑ።



**ብድሕሪ እዚ መድረኽ ንሕቶን መልስን ለበዋን ተዋሂቡ፦**

- **ሕቶ** - *ኣብ ዝሓለፉ እዋናትን ኣብዚ ሕጂ ዘለናሉ ግዜን ዘጋጠሙ ኣሉታውን ኣወንታውን ኩነታት ክተገልጸልናን ጸኒሕካ? እቲ ህግደፍ ሰሪሒዎ ዝብሎ ልምዓት ጽርጊያታት ከምይ ትርእዮ?*

**መልሲ፡ እዚ ምስራሕ መንገዲ ኩላትና ንርእዮ እዩ። ግን ነዚ እንተዘይሰርሐ ኣብ ዝሓለፈ 15 እንታይ መሰርሓ ዝብል ሓደ ነጥቢ ኮይኑ እቲ ካልእ ድማ ቀዳምነታት ካብ ዝወሃቦም ዝግብኡ ድዩ ዝብል እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ነገር መጀመርያ ሕግን ህዝቢ ድማ ወናኒ ጉዳዩ ክኸውን ኣለዎ። ምስራሕ ጽርግያ ኣብ ግዜ መግዛእውን ኩሉ ጽርግያታት ተሰሪሑ እዩ ምእንቲ ረብሕኦም ማለት እዩ። ኣብ ኤርትራ መንገዲ ባቡራትን ካልእንውን ዝተሰርሓውን ኣብ ግዜ መግዛእቲ እዩ ምእንቲ ረብሕኦም ማለት እዩ።**

- **ሕቶ፡ ህግደፍ ንዝሓለፈ 15 ዓመት ዘተ ክምዝተሓረመ ገሊጽካልና ሕጂውን ዘተ ኣብ ቦትኡ ኣሎ ትብል ኣለኻ። ንምንታይ ብሓይሊ ዘይፍተን ኣብ ዘተ ንኸመጽእ? ንኣብነት መንግስቲ ሱዳን ናብ ዘተ ዝቐርብ ብሓይሊ ዘገድዶ ኩነታት ስለዘሎ እዩ?**

**መልሲ ንሕና ብዘተ ጸገማት ንኽፍታሕ እዩ እምነትና እዚ ድማ ህዝብን ሃብቲ ሃገርን ካብ ማህሰይቲ የድሕን። ህግደፍ ናብ ዘተ ንክቐርብ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሲቪካዊ ማሕበራትን ካልእን ክውደብ ምስ ዝኽእል ሕቱኡ መልሲ**

ክረክብ ይኽእል። እዚ ኣማራጽታት ምስ ዝዕጸው ግን ህዝቢ ብሓይሊ ከውርዶ ናቱ ኣገባባት ኣማሊኡ ከውርዶ ይክእል እዩ።

- ሕቶ፡ ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ቅዋም ክገብር እየ ኢሉ ህዝቢ ተኻቲዑሉ ኣብ 1997 ኣብ ባይቶኡ ድማ ባዕሉ ክምዝጸድቕ ጊሩ ስጋብ ሕጂ ንምትግባሩ ተሓሲሙ ምስ ዶብ የታእሳስሮ ኣሎ። ኣብዚ ንሱኹም እንታይ እዩ ርእቶኹም?




መልሲ ብወገና እዚ ምስምስ ኢና ንብሎ። ህግደፍ ድሕሪ ናጽነት ድሕሪ ረፈረንዶም ህዝቢ ዘሳትፍ መንግስቲ ክገብር እየ ኢሉ። ብድሕሪ ረፈረንዶም ድማ ቅዋም ምስ ወጸ ብድሕሪኡ ናይ ህዝቢ መንግስቲ ክገብር እየ ኢሉ። ብድሕሪኡ ምስ ዝስዓበ ኩናት ድማ ሕጂ ኣብ ኩናት ኢና ዘለና ኢሉ። ኩናት ድማ ምስ ተወድኣ ዶብ ይተሓንጸጽ ኢሉ። እዚ ኩሉ ምስምስ እዩ እምበር ግዝኣተ ሕጊ ንሓድነት የደልድልን ህዝቢ ድማ ወናኒ ሃገሩን ሕግን ክኸውን ምኽኣለ ኒሩ።

- ሕቶ፡ እዚ ቅድም ብዛዕባ ህግደፍ ድሰርሖ ጽርግያታት ገለ ልምዓታዊ ኢሉ ዘተልዓለ ሕቶ ህግደፍ ዘይኮነስ ባዕልና ብነጻ ጉልበት ድሰራሕናዮ ጽርግያ፡ ሕርሻ፡ ህንጻ ዋላ ናታቶም መንበሪ ኣዘዝቲ ሰራዊት ንሕና ኢና ሰሪሕናዮ ህግደፍ ዝሰርሖ ነገር የለን። ኣብዚ ክሓቶ ዝደሊ ነገር እንተሎ ግን እቲ ኣብ ስደት ከርተት ዝብል ዘሎ መንእሰይ ዝሕገዘሉ መንገዲ እንተሎ?

- ምስኣ መቐጸልታ ዝቐረበት ሕቶ መንእሰያት ኣብ ሊብያ 400 ተታሒዞም ዘለው፡ ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ብደረጃ ሲ.ባይቶ ወይ ድማ ብኤትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ንዝተሰደዱ ኤርትራውያን እንታይ ክግበር ይከኣል? እንታይ ከ ይግበር ኣሎ?

መልሲ፡ ጉዳይ ስደተኛታት ካብቶም ብቐንዱ ድስርሓሎም ዘሎ ጉዳያት እዩ። እንተኸነ ግን እቲ ጠንቂ ስደት ድማ እቲ ስርዓት እዩ። ነዚ ዘሎ ኩነታት በብዘለናዮ ንዓለም ክነፍልጥን ከነቃልዖን ኣለና። እዚ ምስ ዝግበር ጥራሕ እዩ እቲ ጸገም ዝፍታሕ። ብደረጃ ውድባት ድማ ኩለን በብዘለወን ዓቕሚ ይሕግዛ

ኣለዋ። እንተኾነ ግን እቲ ጸገም ዓቕሚውን ዝሓትት ስለዝኾነ እምበር ካብቶም ድስርሓሎም ዘሎ ነገራት እዩ።

**ለበዋ**

ካብ ብዙሓት ተሳተፍቲ ዝቐርብ ዝነበረ ሕቶ፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ዲሞክራስን መሰልን ፍትሕን ካብ ኮነ ንምንታይ ምብዛሕ ውድባት ኣድልዩ። መንእሰይ ክስዕብ እንተኾኑ ሓድነት ኣገዳሲ እዩ። እተን ሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ዘለወን ውድባት ብሓባር ክሰርሓ ዝብል እዩ።

ኣብ መወዳእታ ብዝኽሪ ስውኣት ተዛዚሙ

ብ. ሓጎስ
28/11/06